# ካብ መጽሓፍትን ጽሑፋትን



መበል 18 ክፋል ናይ እነንብባ ዘሎና “ሓንቲ ጓል ኣፍቂረ” እትብል ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ናይ ወልተር ትሮብሽ ትቕጽል።

**. . . . . . ጥቅምቲ 17 - _ _ _ _**

ክቡር ፓስቶር ትሮብሽ፡

ናብዚ ዓዲ ካብ ዝመጽእ ክልተ ሰሙን፡ ኣረ ሕጅስ ዳርጋ ሰለስተ ሰሙን እኳ ክኸውን ኢሉ። እዚ ጊዜ ሕልፍ-ሕልፍ ይብል፡ ዚጉዩ ዘሎ እዩ ዚመስል።

ኣብዚ ክመጽእ ከሎኹ ንፓስቶር ኣሞጽ በጺሐዮ። ክሳዕ ብሓቂ ዚድንጽወኒ፡ ጽቡቕ ገይሩ ተቐቢሉኒ። ጽባሕ ብሓደ ነቦ ስሲል ክንከዶ መዲብና ኣሎና። ያኩስ፡ በቦይ ዚውለድ ሓወይ፡ ንዅሎም ስድራ ቤት ወኪሉ ምሳና ኪኸይድ እዩ እሞ፡ ወግዓዊ ምብጻሕ ክኸውን እዩ።

ናብኡ ቅድሚ ምኻደይ ግና ገለ ቁሩብ ኽካፍለካ ዚደሊ ነገራት ኣሎ። ስሲል ኣብኡ ስራሕ ረኺባትለይ ኣላ። ንጉሆ ቤት ትምህርቲ ክኣቱ ከለኹ፡ ንስሲል አመስግና። ብዝያዳ ግና ምሸተ መሸት ንስሲል ስለ ዝርእያ ኤመስግን።

ስሲል በላሕ እያ፡ ዅሉ ግዜ ሓሳባት ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ክልተ ብሽግለታ ተኻርያ፡ ብእኤን ጌርና ዅሉ ግዜ ናብቲ ጣሻ ዘለዎ ቦታ ንኸይድ እሞ፡ ክሳዕ ዝመሲ ነዕልል። ብድሕሪኡ ንገዛ እንዳ ኣኮኣ ትኸይድ።

እው፡ ከምቲ ንስኻ እትብሎ፡ እንታውነትና ንፈልጦ ኣሎና። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብሓዲሽ ነገር ምልእቲ እያ። ብርግጽ ጓል ኣንስተይቲ ዘይተዳህሰሰ መሬት ምኻና ተገንዚበ ኣሎኹ። ንጓል ከምቲ ንመወጽ እንጥቀመሉ ገይረ እርእያ ምንባረይ፡ እቲ ዕሮተይ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝነበረ ንመጀምርታ እዋን ሕጂ ኽርእዮ ጀሚረ ኣሎኹ። ሰበይቲ እንታይ ምኻና ንምፍላጥ ከኣ፡ ከም ሓደ ነገር ክጥቀመላ ጥራይ እደሊ ነይረ። እዝስ ከመይ ዜሕዝን እዩ!

ሕጂ ሓንቲ ጓል ጥራይ እየ ኽፈልጥ ዝደሊ፣ እታ ጓል እቲኣ ኸኣ ስሲል እያ። እሞ፡ ካልኦት ብፍጹም ከም ዘየለዋ እየን። ብኣኣ ንዅለን ኣዋልድን ኣንስትን ኽፈልጠን እኽእል እየ ....። ምእንቲ ኽርእያ፡ ንሳ ቀቅድመይ ትኸይድ። ምእንቲ ነቲ ቆማት ክሳዳ ክርእዮ፡ ነቲ ጸጉሪ ርእሳ ንላዕሊ ትጥቕልሎ። ዝሓለፈ ለይቲ ኣብ ሕልመይ ከይተረፈ ተራእዩኒ። ዓቐብ ክንሕዝ ከሎና፡ ብሓይሊ ትደፍእ እሞ፡ እቲ ምልሙል ክሳዳ ምስ እቲ ምንቅስቓስ ኣካላታ ናብዘን ናብትን ኪብል ከሎ ይወሃሃድ። ንብዙሕ እዋናት ከኣ ክዕዘባ እኽእል።

ብድሕሪዚ ካብ ብሽግለታና ወሪድና፡ ኣብቲ ሳዕሪ ኮፍ ኢልና ዘየዕለልናዮ ነገር ኣይነበረን። ናይ ገዛእ ርእሳ ሓሳባት ኣለዋ። ኣዋልድ ኣይሽንኳይዶ ናይ ገዛእ ርእሰን ርእይቶ ክህልወንሲ፡ ይሓስባ እየን ኢለ'ውን እግምቶ ኣይነበርኩን። እቲ እትብሎ እኳ ዘገርመኒ እንተ ዀነ፡ እቲ ኣበሃህልኣ ሓለፍ

ይብሎ እዩ። ነቲ ድምጺ ደሃያ ኤስተብህለሉ፣ ምንቅስቓስ ኣእዳዋን ኣዒንታን ከኣ እዕዘብ። ሽዑ ክትንክፋ እደሊ። ሓደ ጊዜ "ምትንካፍ" ንሕጽይትኻ ጥራይ ቆጥቦ ኢልካኒ ኔርካ። ሕጂ ስሲል ሕጽይተይ እያ፡ ምትሕሓዝና ክሳዕ ክንደይ እዩ ድሓን ዚብሃል? "ደረትካ ሓሉ" ኢልካ መኺርካኒ ኔርካ፡ ደረቱ እንታይ፡ ኣበይ እዩ?

ኣህ ... ከይሓባእኩ ኽነግረካ፣ ንስዕዓም ኢና። ደረቱ ምስዕዓም እዩ። ህውኽ ኢልካ ኣይኰነን። መጀመርታ ስኽፍክፍ ይብለና፡ ንጋየሽ ድማ ኔርና። ዕላል ምስ ተጀመረ ግና፡ ኣእዳውና ሃሰስ ከነብል ንጅምር። ኢደይ ዘርጊሔ ኢዳ ክሕዛ ትጽበየኒ ከም ዘላ ኹይኑ ይስምዓኒ። ርእሳ ኣብ መንኩበይ እንተ ኣጸጋዕኩዎ ኸኣ ባህ ከም ዚበላ፡ ፍሽኽ ትብል እሞ፡ ከም ዘይትነጽጎ የመልክት። ድሕሪኡ ምስዕዓም ይስዕብ።

ካልእ ምስጢር ከካፍለካ ዝደሊ ኣሎ። ምስ ስዓምኩዋ፡ ውሽጣዊ ስምዒተይ ይደፍኣኒ እሞ፡ ክርስተያ እደሊ። ስምዒተይ ኽገትእ ይብርትዓኒ። እታ "ጓልካ እንተ ትኸውን እንታይ ምገበርካ" ዝበልካኒ፡ ስሲል'ውን፡ "እታ ኣብ ሓደ ቦታ ብሓደ ዝሓደርናላ ለይቲ ብምግሳስ ስለ ዘይደፈርካኒ፡ ብዝያዳ ኣፍቀረካ" ኢላ ዘይጽሓፈትለይ ነይራ እንተ ትኸውን፡ በታ እዋን እቲኣ ኣብ ምንታይ ምወደቕኩ፡ ኽግምት'ውን ኣይክእልን።

እታ ኣብ ገዛ'ኹም ህይወተይ ንክርስቶስ ዝወፈ'ኹላ ምሽት ካብዚ ነጻ ዝወጻእኩ መሲሉኒ ነይሩ። ሽዑ ከም ዝበልካዮ፡ "ክርስቶስ ነገረ-ኣልቦ ኣይኰነን። ሓይሊ እዩ። በቲ ሓይሉ ክትስዕር ትኽእል ኢኻ።" ኣብ መጀመርያ ከምኡ እስምዓኒ ነይሩ።

ሕጂ ግና እቲ ስምዒት በርቲዑ። እምነተይ ኣይሕግዘኒ፡ ክርስቶስ ኣይስ ምዓኒ። ግደ-ኣልቦ እዩ፡ ሓንቲ ነገር የብሉን። ስምዒተይ ካብ ክርስቶስ ይሕይል። ክርስቶስ ከመይ ኣይሕግዘንን? እዚ ከም ወልፊ ኣብ ህይወተይ ዚሰፈረ ስሚዒት ፍትወት ጓል ኣንስተይቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ምእንቲ ኺጠፍእሲ፡ ገለ ዘይገብር? እዚ ተመኩሮ "ፍቕሪ" ንእምነተይ ኤጥፍኦ፤ ወይ እቲ ኣግኒስ ካብ ፍቕሪዶ ይህደም? ካብ ገዛእ ርእሰይ፡ ካብቲ ኣብ ውሽጠይ ደቂሱ ዘሎ ኣራዊት፡ እፈርህ ኣለኹ። ኣዚ ዚብሎ ዘለኹስ እርድኣካዶ ኣሎ?

ጽባሕ መገሻ ኣሎኒ። ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ተመለስኩ፡ ካባኻ ደብዳቤ ክትጸንሓኒ ኣለዋ፡ እንተ ዘይኰነስ ዕንወት ኪህሉ ይኽእል እዩ።

ፍራንስዋ

## ...... ጥቕምቲ 18 - _ _ _ _

ክቡር ፍራንስዋ፡

ሕጂ ዳርጋ ፍርቂ ለይቲ ኰይኑ ኣሎ። ግና ኽይደንጒኹ መልሲ ደብዳቤኻ ክልእከልካ እየ። ክርስቶስሲ ጸሎተይ ኣይመለሰን፡ ኢልካ ጽሒፍካለይ። እንታይ ኢልካ ኢ'ኻ ጸሊ'ኻ? ካብ ሰብኣይ ምኻን ከናግፈካ? እንታይ ኢ'ኻ ደሊ'ኻ? ጾታዊ ባህሪ፡ ፍጹም ስምዒት ዘይብልካ ሰብኣይ ክትከውን ዲ'ኻ ደሊ'ኻ?

እዚ ዝበልካዮ ዘይመስል፣ ዘይከውን ዘረባ እዩ። እቲ ሰብ ዚገብሮ፡ ተግባር ሰብኣይ ወይ ተግባር ሰበይቲ እዩ። ጾታዊ ባህሪኻ ኣብ ዝተንሳእካሉን ዝደቀስካሉን እዋናት ኵሉ ጊዜ ኣሎ። ክትሰርሕን ክትጽልን ከሎኻ ኣባኻ ኣሎ። ኣብቲ ኣዝዩ ቅዱስ ስምዒትካን፡

ኣብቲ ንጹህ ጸሎትካን ኣሎ።

ብክርስቶስ እንተ ኣሚንካ፡ ኣካላትካ ማሕደር ናይ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ ትፈልጥ ኢኻ። ነቲ ቤት መቕደስ ኽተርክስ ኽተብርስ እንተ ጸሌኻ፡ ክርስቶስ ኣይክሰምዓካን እዩ። ክርስቶስ ሰብ ኴንካ ኽትነብር ከኽእለካ እዩ ዚደሊ። እሞ እቲ ኣማኒ ካብ "ፍቕሪዶ" ይህደም? ብዙሓት ክርስትያናት ካብኡ ብሒቶም፡ ሕቑኦም ዚህብዎ ከም ዘለዉ እፈልጥ እየ። ነቲ ኻልኣይ ጾታ ይርሕቕዎ። እዚ ብምግባሮም ከኣ ብጹሓትን ብጁዋትን ክርስትያናት ምዃኖም ርእሶም ይሓስቡ። ግና ርእሶም ደኣ የዕሸዉ እምበር እቲ ኣማንስ ኣይሃድምን እዩ።

ክርስቶስ ነዚ ሓቒ'ዚ ኣይገለፎን። ናብዛ ዓለም መጺኡ። መንእሰይ በጽሒ ነበረ። ኣንስቲ በእዳወን ኺትንክያኦ፡ ብንብዓተን ኼጠልቅያኦ፡ እግሩ ድማ ይስዓማ ገዲፉወን። ኣብ ጥቓ ዓራት ሕምምቲ ሰበይቲ ቀይሙ፣ ንሓንቲ ንእሽቶ ጓል ብኢዳ ሒዙ ኣተንስኡ። ሓንቲ ዘፈር ክዳኑ ተንከፈት። ካብተን ዘፍቀራኦ ኣንስቲ፡ ማርያም፡ ማርታ ተብሂለን ብስመን ተሰምየን ኣለዋ። ሓንሳእ ኣብ ዔላ ማይ፡ ሓንሳእ ኣብ ሑጻ እናጸሓፈ ምስ ኣንስቲ ተዛሪቡ። እታ እግሩ ዚስዓመት ሰበይቲ ወሪኣ ጽቡቕ ኣይነበረን። እቶም ምስኡ ዚነበሩ ድማ ኽሳዕ ዚዕዘሙ ተገሪሞም። ንሱ ግና ተጣበቓላ። ኣብ ማእከል ህዝቢ ነጻ ኰይኑ ተመላለሰ።

ከም ሰብ ኰይኑ ስለ እተመላለሰ፡ ተዓወተ። ምዕዋት ከኣ ናብ ጸብለልትነት ምስጓም ማለት እዩ። ናብቲ ዕላማ ደኣ እዩ ዚመርሓካ እምበር፡ ንኽትሃድም ኣይኰነን ዜተባብዓካ። ተፈጥሮኣዊ ኣካል ባህሪኻ እዩ እሞ፡ ካብ ሰብኣውነት ኽትሃድም ብፍጹም ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሓደ ዛንታ ኽነግረካስ፡ ሓደ ጊዜ ሓደ ነብሪ ነይሩ ይብሃል። ነዚ ነብሪ እዚ ማሪኾም ኣብ ሓደ ሕጹር ቦታ ዳጕንዎ። ዚምግቦን ዚሕልዎን ሓደ ሓላዊ ኽኣ ተገብረሉ። ደሓር ግና እቲ ሓላዊ ኽተዓራረኸ ደለየ። ናብቲ ሓጹር እናቐረበ ድማ ነቲ ነብሪ ብልዙብ ድምጺ ይዛረቦ ነበረ። እቲ ነብሪ ግና ከም ዚሓረቐ በቲ ዜንጸባርቕ ሓምላይ ዓይኑ ኣተኵሩ ይጥምቶ። ዕድል ረኺቡ ምእንቲ ኺጕብጦ ተቐሪቡ ድማ፡ ምንቅስቓስ ናይ እቲ ሓላዊ እናጽንዐ ይዕዘብ። በዚ እቲ ሓላዊ ፈሪሁ፡ ጠባይ ናይ እቲ ነብሪ ምእንቲ ኺልወጥ፡ ንኣምላኽ ይጽሊ። ሓደ ምሸት እቲ ሓላዊ ምስ ደቀሰ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ቆልዓ ካብቲ ኽባቢኣ ጠፍኣት እሞ፡ ናብዝን ናብትን ኽትብል ናብ እቲ ነብሪ ተዳጕንሉ ዚነበረ ሓጹር ገጻ ቀረበት። እቲ ነብሪ ድማ በቲ ኣጽፋሩ ሓዛ። ብርቱዕ ድምጺ ብኽያታ ሰሚዑ ድማ እቲ ሓላዊ ናብኡ ገጹ ይመጽእ። ኣብኡ ድማ እተባስዔ ስጋ ደምን ሰብ ይረክብ።

እቲ ሓላዊ፡ ኣምላኽ ነቲ ነብሪ ጠባዩ ከም ዘይለወጠ ፈለጠ። እቲ ፍርሁ ድማ ካብቲ ዚነበሮ ኣዝዩ በኣሰ። እሞ፡ ነቲ ነብሪ ኽኣ ሰብ ናብ ዘይቀርቦ ጸልማት ጉድጓድ ኣእተዎ። እቲ ነብሪ ግና ብዘይምቁራጽ፡ ለይትን መዓልትን ኺግዕርን ኼዕገርግርን ጀመረ። በቲ ዘይዓርፍ ድምጺ እቲ ነብሪ ድማ እቲ ሓላዊ ኺጭነቕ ጀመረ፣ ድቃስ ድማ ሓርበቶ። ገበኑ ኣዘኻኺሮ፡ ኣብ ሕልሙ እቲ እተቐራረጸ ኣካላት ናይታ ቆልዓ ተራእዮ። ብጭንቀት በኸየ፣ ገዓረ። እቲ ነብሪ ምእንቲ ኺመውት ኢሉ ናብ ኣምላኽ ጸለየ። ኣምላኽ ድማ መለሸሉ። እቲ ምላሽ ግና ከምቲ ዚደለዮ ኣይነበረን። ኣምላኽ

ይብሎ፡ “ነቲ ነብሪ ናብ ቤትካ፡ ናብታ እትድቅሰላ ጽብቕቲ ኽፍልኻ ውሰዶ”።

እቲ ሓላዊ ፍርሁ፡ ፍርሂ ሞት ኣይነበረን፤ ለይትን መዓልትን ገዓር ናይ እቲ ነብሪ ካብ ምስማዕሲ፡ ሞት መረጸ። በዚ ተኣዚዙ፡ ነቲ ማዕጾ ኽፈተሉ እሞ፡ “ፍቓድካ ይኹን፡” ኢሉ ጸለየ። እቲ ነብሪ ወጺኡ ድማ ሃዲኡ ደው በለ። እቲ ሓላውን እቲ ነብርን ዓይነ-ዓይኒ እናተጠማመቱ ንነዊሕ ጊዜ ቈሙ። ኣብ መወዳእትኡ፡ እቲ ሓላዊ ከም ዘይፈርሀ ተዓዚቡ፡ እቲ ነብሪ ኣብ ጥቓ እግሩ በጥ በለ።

ከምዚ ኢሉ እዩ ጀሚሩ። ለይተ- ለይቲ እቲ ነብሪ ኺንቀሳ ጀመረ። እቲ ሓላዊ ድማ ፈርሀ። ስለዚ ናብ ገዝኡ ኼእትዎ ናይ ግድን ኰኖ። ደጊሙ ነቲ ነብሪ ወግሐ-ጸብሐ ዓይነ-ዓይኑ ኺጥምቶ ነበሮ። ፈጺሙ ነቲ ነብሪ ኣለማሚዱ “ሓንሳእ ንሓዋሩ” ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኼእትዎ ኣይኰነሉን። ደጋጊሙ ኼሰንፎ ነይሩዎ። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዚኸውን ትብዓት ኣድለዮ።

ድሕሪ ገለ ዓመታት ግና፡ እዞም ክልተ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ ኰኑ። እቲ ሓላዊ ነቲ ነብሪ ኺደርዞ፡ አረ ኣእዳዉ'ውን ኣብ ኣፉ ክሳዕ ዜእትዎ ኰይኑ። ኣዒንቱ ግና ካብቲ ነብሪ ኺፈልየን ኣይደፈረን። ኺጠማመቱ ኸለዉ፡ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ የለልዮ እሞ፡ ብሓደ ምኽኖም ይሕጐሱ። እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከም ዜድልዮ ድማ ይግንዘቡ።

ፍራንስዋ፡ ምስቲ ነብሪ ገጽ ንገጽ ኣናተጣማመትካ ብትብዓት ምንባር ክትምሃር ኣሎካ። ክርስቶስ፡ ነዚ ዕላማ እዚ ነጻ ኣውጺኡካ ኣሎ። ብእኡ እንተ ኣሚንካ፡ ንሓድሕድኩም ተደናገጽቲ ኽትኰኑ ትብዓት ኪህልወኩም እዩ።

ገለ ክርስትያናት ኣለዉ፡ እንተ ድኣ ነዚ ነገር እዚ ወጊደሞ፡ ኣምላኽ ዚሕጐሰሎም ኰይኑ ዚረኣዮም። እዚ ግና ቁምነገር የብሉን። እቲ ብሓቂ ዚኣምን ብሓቂ የፍቅር።

ክሳዕ ክንደይ እየ ኽደፍር ዝኽእል? ክሳዕ ኣበይ? ክሳዕ ዚከኣለካ። እስኪ ኣእዳውካ ኣብ ምንጋጋ እቲ ነብሪ ኣእትዎ። እቲ ድፍረትካ ክሳዕ ክንደይ እዩ? ልዕሊ ዓቕምኻ ኣይኰነን። እቲ ዝሓበርኩኻ ስጕምትታት ኣይትንጠሮ።

ኣብ ገጽ 37 ኣብ ቀዳማይ ዓምዲ ቀጺሉ'ሎ።